## ህዝቅኤል 18

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣
2 ስለምንታይ ኢኹም ኣብ ሃገር እስራኤል እዚ ምስላ እዚ፣ ኣቦታት መጺጽ ዘቢብ በልዑ እሞ ነስናን
እቶም ውሉድ ኰኽወ፣ ኢልኩም እትምስሉ፧
3 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። እዚ ምስላ እዝስ ድሕርዚ ኣብ እስራኤል
ኣይክትምስልዎን ኢኹም።
4 እንሆ፣ ኵለን ነፍሳት ናተይ እየን፣

## ራእይ ዮሓንስ 3

7 ናብ መልኣኽ ማሕበር ፊላደልፍያውን ጽሐፍ፡ እቲ ቅዱስ፡ ሓቀኛ፡ መርሖ ዳዊት ዘለዎ፡ ንሱ ምስ
ከፈተ፡ ሓደ እኳ ዘይዐጹ፡ ንሱ ምስ ዐጸወ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ዘይከፍት፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡
8 ንግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ። ዓቕምኻ ሒደት እዩ፡ ንቓለይ ሐሊኻዮ ንስመይውን ኣይከሐድካዮን
እሞ፡ እንሆ፡ ሓደ እኳ ክዓጽዎ ዘይኽእል ክፉት ደገ ሂበካ ኣሎኹ።
9 እንሆ፡ ካብቶም፡ ኣይሁድ ኢና፡ ዚብሉ ማሕበር ስይጣን፡ ግናኸ ይሕስዉ ኣለዉ እምበር፡ ኣይሁድሲ
ዘይኰኑ፡ እህበካ ኣሎኹ። እንሆ፡ ንሳቶም ከም ዚመጹን፡ ኣብ ቅድሚ እግርኻ ኸም ዚሰግዱን ኣነ ኸም
ዘፍቀርኩኻውን ከም ዚፈልጡን፡ ክገብሮም እየ።
10 ንቓል ትዕግስተይ ስለ ዝሐሎኻዮ፡ ኣነ ድማ ካብታ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ኽትፍትኖም ናብ ኵላ
ዓለም እትመጽእ ሰዓት ፈተና ኽሕልወካ እየ።
11 ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ። ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ኸይዝርፈካስ፡ ነቲ ዘሎካ ኣጽኒዕካ ሐዞ።
12 ነቲ ዚስዕር ኣብታ መቕደስ ኣምላኸይ ዓንዲ ኽገብሮ እየ፡ ካብኣ ከቶ ኣይኪወጽእን እዩ። ስም
ኣምላኸይን ስም እታ ኸተማ ኣምላኸይን፡ ናይታ ኻብ ኣምላኸይ ካብ ሰማይ እትወርድ ሓዳስ
የሩሳሌም፡ ነቲ ሓድሽ ስመይን ክጽሕፈሉ እየ።
13 እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።

## ሉቃስ 13

1 በቲ ወርሓት እቲ፡ ሓያሎ ሰባት መጺኦም ብዛዕባ እቶም ጲላጦስ ደሞም ምስ መስዋእቶም
ዝጸንበሮም ገሊላውያን ነገርዎ።
2 የሱስ መሊሱ በሎም፥ ነዞም ገሊላውያን እዚኣቶም እዚ ስለ ዝረኸቦምሲ፡ ካብ ኵሎም ገሊላውያን
ሓጥኣን ዝነበሩዶ ይመስለኩም ኣሎ፧
3 ኣይፋሉም፡ እንተ ዘይተነሳሕኩምሲ፡ ኵላትኩም ድማ ከምኡ ኽትጠፍኡ ኢኹም፡ እብለኩም
ኣሎኹ።
4 ወይስ እቶም ኣብ ሰሊሆም ግምቢ ዝወደቖም እሞ ዝቐተሎም ዓሰርተ ሸሞንተኸ ኻብቶም ኣብ
የሩሳሌም ዚነብሩ ዅሎም ሰብ ዚበዝሕ ሓጥኣት ዝነበሮምዶ ይመስለኩም፧
5 ኣይፋሉም፡ እንተ ዘይተነሳሕኩምሲ፡ ኵላትኩም ከምኡ ኽትጠፍኡ ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ።
6 እዚ ምስላዚ ከኣ በለ፥ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኑ እተተኽለት በለስ ነበረቶ። ፍረ ደልዩ ናብኣ
መጸ፡ ግናኸ ኣይረኸበላን።
7 ነቲ ሓላው ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ፥ እንሆ፡ ካብዛ በለስ እዚኣ ፍረ እናደሌኹ ሰለስተ ዓመት መጺኤ፡
ኣይረኽብኩላን። ቍረጻ፡ ስለምንታይከ ንምድሪ ተባላሹ ኣላ፧ በሎ።

8 ንሱ ግና፥ ጐይታይ፡ ወሰነ ወሰና ኽሳዕ ዝኾስኰሳ፡ ድኹዒ ኽሳዕ ዝድኰዓ፡ እዛ ዓመት እዚኣ ድማ
ሕደጋ።
9 ንዓመታ እንተ ፈረየት፡ ጽቡቕ፡ እንተ ዘይኰነስ፡ ሽዑ ትቘርጻ፡ ኢሉ መለሰሉ።